በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወአሐዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

## በዓል መስቀልን ፍሉይ መንፈሳዊ ሰሚናርን ኣብ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን በይ ኤርያ ብድምቀት ተኸቢሩ።



እቲ ንዕለት 29 መስከረም ካብ ሰዓት 1፡00 — 6፡00 ድ.ቀ. ኣብ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ህይወት ኣድሂቡ ዝተኻየደ ሰፊሕ ሰሚናራት ብዙሕ ህዝቢ ተኸታቲልዎ። እቲ መደብ ብጸሎት ምስ ተኸፍተ፡ ናይ ቅ. እንጦንዮስ ቤተክርስትያን ግብጻዊ ካህን ቢሾይ ድማ ሓጺር ቃል ሰላምታ ኣስሚዮም። እቲ መደባት መጀመርያ መንእሰያት በይኖም፡ ምእመናን ድማ ብወገኖም ነናቶም ፍሉይ ሰሚናራት ድሕሪ ምክያድ፡ ከም እንደገና ናይ ሓባር ጉባኤ ኣካይዶም።

ኣብቲ ናይ መጀመርያ ጉባኤ “ጥንታዊ እምነትን ክቡር ባህልን” ከምዘሎና ዘስተምህርን ሕቶን ርእይቶን መንእሰያትን ይሓቁፍ። ንዓበይቲ ምእመናን ድማ “ህልው ኩነታት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያንን፡ ጠመተን መጻኢ መደባትን ንኡስ ሃገረ ስብከት” ብዝብል ሰፊሕ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ፤ ምስ ምእመነናን ድማ ክፉት ዘተ ተኻይዱ። ትሕዝቶዚ ሰፊሕ ሰሚናር ኣብ መርበብ ሓበሬታ ን/ሃገረ ስብከት (www.tewahdo.org) ተመልከቱ።



ድሕሪ ናይ ሻህን ቁርስን፤ ሓጺር ዕረፍቲ ከምእንደገና ብዶር. ተስፋይ ገብረመድህን “ካብ

ምፍኽኻር ምክብባር፡ ካብ ምውድዳር ምትሕብባር” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ ስደት ንዘሎና ኤርትራውያን ዘጋጥመና ዘሎ በዳሂ ማሕበራዊ ቅልውላዋትን መፍትሒ ኪኸውን ዝኽእል ሓሳባትን ብሰፊሑ ተገልጹ።

እቲ መደባት ብናይ ቤት ትምህርቲ ሰንበት መሳጢ መዝሙራት እንዳተሰነየ እቲ ጉባኤ ሰዓት 6፡00 ድ.ቀ. ብጽቡቕ መንፈስ ተዛዚሙ።



ንጽብሒቱ ድሕሪ ቅዳሴ ንመዓልቲ መስቀልን ታሪኻውን መንፈሳውን ትርጉሙን ዘስተምህር ስብከት ተዋሂቡ። ቤተክርስትያንና “መስቀል ኃይልነ፡ መስቀል ጽንዕነ፡ መስቀል ቤዛነ፡ መስቀል መድኃኒተ ነፍስነ” እንዳበለት ብቐጻሊ ተስተምህረና። መስቀል ድሕነት ኩላ ዓለም ብመድኃኔ ዓለም ዝተበሰረሉ፡ ሰይጣን ዝተሳዕረሉ፡ መርገም ኣዳምን ዘርኡን ናብ ምሕረት ዝተለወጠሉ ከቢድ ምስጢር ዝሓዘለ በዓል ምዃኑ ዝገልጽ ስብከት እዩ ኔሩ። ኣብ መጨረሻ ተሳተፍቲ ከምዚ ዝኣመሰለ መደባት ብቐጻሊ ክዳሎ ብምልባው፡ እቲ ብኣጋጣሚ ቅዱስ በዓለ መስቀል ዝተዳለወ ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ኣገልገልትን ምምሕዳር ቤተክርስትያንን ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኣብ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ።

29 መስከረም 2007